ሓዳስ ኤርትራ

ዓርቢ 21 ነሓሰ 2015

# ጉጅለ ኣህጉራዊ ኮንፌደረሽን ሞያዊ ማሕበራት፡ ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራ ከምእተዓዘበ ገሊጹ

**ኣብ ኤርትራ ናይ ስራሕ ዑደት ክካይድ ዝጸንሐ ልኡኽ ጉጅለ ኣህጉራዊ ኮንፌደረሽን ሞያዊ ማሕበራት፡ ኣብ ዑደቱ ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራን ንጥፈታት ሃኮስኤን ከምእተዓዘበ ኣነጺሩ።**




ምኽትል ዋና ጸሓፊ ኣህጉራዊ ኮንፌደረሽን ሞያዊ ማሕበራት ሚስተር ቺበበ ዌሊንግቶን ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ንብድሆታት ሞያዊ ማሕበር፡ ኣብ ልዕሊ ሃኮስኤ ዝቐረበ ክሲ ግዱድ ዕዮን፡ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ መዓልቦኡ ንምብጻሕ ክግበር ዝግበኣ ጻዕርታትን ብዝምልከት ምስ
ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማሰኛታትን ተራኺቦም ከምዝዘተዩ ኣብሪሁ።
ተራ ሃኮስኤ ኣብ ኣህጉራዊ ኮንፌደረሽን ሞያዊ ማሕበራት ንጡፍን ሓያልን ምዃኑ ዝገለጸ ሚስተር ዌሊንግቶን፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸንሓለን መዓልታት ንዝነበረ ግጉይ መረዳእታ ዝመንቀሊኡ ጸገማት ኣብ ምፍታሕን ሓባራዊ መረዳእታ ኣብ ምዕባይን ሓጋዚ ምንባሩ ብምንጻር፡ ንትግባረ ናይ ወዳእታን ቀያድን ብይን ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምዝጽዕር ኣረጋጊጹ።

ዋና ጸሓፊ ኣህጉራዊ ኮንፌደረሽን ሞያዊ ማሕበር ዞባ ኣፍሪቃ ሚስተር ኣዱ ኣማንክዋህ ብወገኑ፡ በብእዋኑ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኪቐርብ ዝጸንሐ ጸብጻባት መንቀሊ ዘይብሉ ጸለመ ምዃኑ ክርዳእ
ከምዝኸኣለ ብምሕባር፡ ነዚ ንምእራም ከምዝሰርሕ ገሊጹ።